ኖርወይ

# ስለምንታይ እዩ ኣሰር ኣጻብዕተይን ስእለይን ምውሳድ ዘድሊ?

ታይፕ ኤፍ (Type F)

**ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ መደብ ዳግመ-ምጥያስ ወይ ሰብኣዊ ምቕባል ዝሰፈሩ ሰባት**



TIGRINYA

## ስለምንታይ እየ ነዛ በራሪ ወረቐት ዝቕበል ዘለኹ?

ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ዳግመ-ምጥያስ ወይ ሰብኣዊ ምቕባል መደብ ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ተቐባልነት ረኺብካ ኣለኻ

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብዛዕባ እቲ ብሰበስልጣን ዝኸዘን ዳታን ንኽንደይ ግዜ ከምዝጸንሕን ዝያዳ ሓበሬታ ይህብ።

## ስለምንታይ እየ ስእለይን ኣሰር ኣጻብዕተይን ክህብ ዘለኒ?

ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ሰበስልጣን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ስእልኹምን ክወስዱ እዮም። እዚ መረዳእታ ምስ ሓበሬታ መንነትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ተደሚሩ ናብ ናይ ዩሮዳክ ዳታቤዝ ክመሓላለፍ እዩ።

ዩሮዳክ ንገለ ምድባት ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዘይኮኑ ሰባት ምስቲ ፍሉይ ስብስብ ኣሰር ኣጻብዕቶምን ስእሎምን የራኽቦም።

እዚ ዳታቤዝ ብ 31 ሃገራት EU+ ዝጥቀማሉ ኮይኑ፣ ንሓበሬታኻ ንምርካብ ድማ ዝሃብካዮ መረዳእታኻ ክሰርሓሉ ይኽእላ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣብ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት ተዘርዚረን ኣለዋ።

## ኣብ ዩሮዳክ ዝኽዘን ኣየናይ ዳታ እዩ?



እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ይኽዘን፦

- ኣሰር ኣጻብዕትኻ
- ስእሊ ገጽካ
- ኩሉ እቲ ሕጂ እትጥቀመሉ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ኣስማት
- ኩሉ ሕጂ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ዕለታት ልደት
- ትውልዲ ቦታኻ
- ዜግነትካ ወይ ብሄራዊ መንነትካ
- ጾታኻ
- ቅዳሓት ናይቲ ዝተጠቐምካሉ ናይ መንነት ወይ ናይ ጉዕዞ ሰነዳት፣ እኹተልዩ፣ እንተላይ ብዛዕባ ሓቅነቶም ዝምልከት ሓበሬታ
- ናይቲ ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ዝወሰደ መኮነን ናይ ተጠቃሚ መለለዪ መንነትን ዳታኻ ዝተወሰደሉን ዝተመሓላለፈሉን ዕለታትን

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት እውን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ዩሮዳክ ክኽዘኑ እዮም፡

- እታ ዘእተወትካ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ከምኡ ድማ እዚ ዝተፈጸመሉ ቦታን ዕለትን።

ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ክትረክብን ክትእርምን ከምኡ'ውን ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ንክትድምስሶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ነዚ ንምግባር ምስ ተቖጻጻሪ ዳታ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ዝርዝር ርክብ ናይቲ ዳታ ተቖጻጻሪ ኣብቲ '**ብዛዕባ ዩሮዳክ ክትፈልጥዎ ዘለኩም**' ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ውልቃዊ መረዳእታይ ኣብ ዩሮዳክ ክሳብ መዓስ እዩ ክኽዘን?



ሓበሬታኻ ን5 ዓመት ክኽዘን ድሕሪኡ ብኣውቶማቲክ ክስረዝን እዩ።

እዚ ግዜ ቅድሚ ምውዳኡ ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዜግነት እንተረኺብካ፡ ዳታኻ ይስረዝ። ዳታኻ እንተተሰሪዙ፡ እዚ ኣብታ ዜግነት ዝረኸብካላ ሃገር ዘለካ ኩነታት ኣይክጸልዎን እዩ።

**ሕጂ ኣብ ኖርወይ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ።**
**ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**

እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፤ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ እውን

ካልኦት 4 ሃገራት፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ።

እዚ መዘኻኸሪ እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ መዘኻኸሪ ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025